# ነፍስ ወከፍ ናይ መናበዪ ደገፍ ኣብ ተመልክተሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ክትገድፍ/ክትገድፉ የድልየካ/ኩም እዩ።

**እዚ ኣብዚ ወርሒ ዝኣተወ ምልክታ ንመጸኢ ወርሒ ዝምልከት እዩ።**
(ንኣብነት፡ ምልክታ መናበዪ ደገፍ ናይ ጥሪ 2021 ኣብ ታሕሳስ 2020 ይኣቱ።)

- **ጽማቕ ሕሳብ (Kontoöversikt)**፡ ካብ ኵለን ሕሳብ ዘለካ ባንክታት።
- **ዝርዝር ሕሳብ ባንክ (Kontoutdrag):** ናይዘን ዝሓለፋ 3 ኣዋርሕ ሓንቲ ዝርዝር ሕሳብ ካብ ነፍስ ወከፍ ሕሳብ። ንናይ ዝተዓጸወ ሕሳብ እውን ይምልከት።
- **እዋናዊ መደብ** ንኣብነት ካብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ።
- **ምሉእ ፋክቱራ ክራይ** ምስ ምሉእ ናይታ እዋናዊት ወርሒ ክራይ ፋክቱራ።
- **ዝርዝር ደሞዝ:** ከምኡ'ውን ዝርዝር ናይ ካልኦት ንኣብነት ካብ ኣ-ካሳ፡ ቤት ጽሕፈት ካሳ ውሕስነት ወዘተ ናብ ሕሳብካ ዝኣተወ ገንዘብ።
- **ናይ ህላወ ምስክር**፡ ካብ ትምህርቲ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት (SFI)፡ ልምምድ ወዘተ።
- ብምኽንያት ሕማም ስራሕ ምድላይ ዘይትኽእል እንተ ኴንካ **ብቑዕ ምስክር ብኡራት ብምኽንያት ሕማም** ካብ ሓኪም።
- **ሰነድ ናይቶም ፋክቱራታት** ተመልክተሎምን ነፍስ ወከፍ ወርሒ ዝቀያየሩን (ንኣብነት ናይ ኤለክትሪክን ማይን)። ካልኦት ወጻኢታት ዝቀያየሩ እንተ ኾይኖም፡ ናቶም ሓድሽ ሰነድ እውን ክኣቱ ኣለዎ። ዝተማኣ ፋክቱራ ከተእቱ ከም ዘለካ ዘክር።
- ንኣብነት ን**መነጽር ዓይኒ ወይ ክንክን ስኒ** ከተመልክት ከለኻ ኵሉ ግዜ እማመ ዋጋ ከተእቱ ኣለካ።
- ምናልባት ክህሉ ናይ ዝኽእል ሰነድ ናይ **መድሃኒት ወጻኢታት** (ቅብሊትን ዝርዝር ናይ ሓኪም ትእዛዝን)፡ ናይ **ሕክምና ወጻኢታት** ( ፋክቱራ ወይ ቅብሊት)
- ዝተወሰኹ **ኵሎም ሓደሽቲ ሓበሬታታት።**

➢ **ምልክታታት ነፍስ ወከፍ ወርሒ ኣብ መንጎ ዕለት 20 - 25 ይኣትዉ።**